02/07/2010

# 10ይ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራውያን

# ተቐማጦ ዓባይ ብሪጣንያ ብድምቀት ተኸፊቱ

ብዓርቢ ዕለት 2/7/2010 ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝነብር ኤርትራዊ ንመበል 10ይ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ ብዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ብወግዒ ተኸፊቱ።

እዚ ንሰለስተ መዓልታት ዝቕጽል ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ብስራሕ ንምክት፣ ንግስግስ ! ዝብል ቴማ ንሓድነትን ጽንዓትን፣ ንኹሉ ኤርትራዊ ክብርታትናን ባህልናን ዘንጸባርቕ ዉዕዉዕ ሃዋሁ እዩ ኔሩ።

ኣብቲ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፣ ምኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፣ ኣምባሳደር ኣብ ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱ፣ ሓላፊት ህዝባዊ ጉዳያት ወ/ሮ ሓረገ ተስፋማርያምን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ፣ ኣቦ ወንበር ሽማግለ መኸተ ዶ/ር ተወልደ ወልደሚካኤል ብወግዒ ከፊትዎ። ኣብ መኽፈቲኡ ኣብ ዘስመዖ መደረ ንታሪኽ ፈስቲቫላት ኤርትራ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ክሳብ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎን መጻኢ ራኢኡን ኣመልኪቱ ብፍላይ ከኣ ንመጻኢ ናብ ደቅና ከነውርሶ ዝግባኣና ዘኹርዕ ኤርትራዊ ክብርታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ምስግጋር ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሓላፍነት ኢዩ ክብል ኣስሚሩሉ።

ስዒቡ ዝቐረበ መደብ ብስነ-ጥበባውያን ለንደን ድሙቕ ዝኾነ ባህላዊ ትልሂት ቀሪቡ።

ፈስቲቫል ኤርትራ 2010 ክሳብ ዕለት 4 ሰንበት ንህዝቢ ክፉት ክኸውን እዩ።

ዜናን ሓበሬታን ፈስቲቫል ኤርትራ

ለንደን ብሪጣንያ